## ብዛዕባ ውሑስ ክታበት ኣንጻር ባክተሪያ መኒንጎኮካስ ሲ (C) - ምስ ጥሙር ክታበት

መኒንጎኮካይ (*ነይሰሪያ መኒንጃይቲዲስ*) ባክተሪያ ኲይኖም፡ ከም ሕማም ኣንቅጺን ካልኦት ዓይነታት ሕማም መኒንጎኮካልን ዘስዕቡ እዮም። ክሳብ ሕጂ 13 ጉጅለ ናይ'ዞም ባክተሪያት ተረኺቦም ኣለዉ። ጉጅለታት ባክተሪያ ኤይ (A)፡ ቢ (B)፡ ሲ (C) ን ዳብሊዉ (W) ን ጠንቂ ናይቶም ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ተላባዕቲ ሕማማት እዮም። ኣብ ጀርመን፡ ዓመታዊ ኣስታት ካብ 300 ክሳብ 4000 ሰባት - ዝበዝሑ ናእሽቱ ህጻናት፡ ተመሃሮ ቈልዑ ከምኡ ድማ ኣባጽሕን ጎራዙን ምዃኖም'ዩ፡ ግዳይ ሓደገኛ መልከፍቲ ሕማም መኒንጎኮካል ይኾኑ። ካብዞም ሕማማት፡ እቶም 70% ብጉጅለ ባክተሪያ ቢ (B) ዝመጹ እዮ። እቲ ደረጃኡ ዝሓለወ ክታበት፡ ኣብ ቈልዑ፡ ኣባጽሕን ጎራዙን ቀቅድሚ ምትእትታዉ፡ ካብ 20 ክሳብ 30% ናይቶም ሕማማት፡ ብጉጅለ ሲ (C) ናይቲ ባክተሪያ ዝመጽእ ዝነበረ ድማ፡ ኣብዚ ሕጂ ግዜ ናብ 16% ወሪዱ ኣሎ። ክታበት ኣንጻር ናይቲ ብጉጅለ ቢ (B) ናይቶም ባክተሪያ ዝመጽእ ሕማም፡ ካብ 2013 ጀሚሩ ይውሃብ ኣሎ። ኣብዚ ሕጂ ተዘትዩሉ ዘሎ ክታበት ግን፡ ብፍሉይ ነቶም ብጉጅለ ሲ (C) ዝፍለጡ ባክተሪያ መኒንጎኮኩሲ እዩ።

መኒንጎኮካይ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብምስትንፋስ ናይ ኣየር (ብነጠብጣባት ናይ ኣካላዊ ፈሳሲ) ዝላብዑ ባክተሪያ እዮም። እዚኣቶም ሓደገኛዊ መጥቃዕቲ (ንመላእ ኣካላት ዝጸልዉ) ሕማማት ከለዓዕሉ ይኽእሉ። እቶም ቀንዲ ድማ፡ መግሊ ዘለዎ ኣንቅጺ (ነድሪ ሽፋን ሓንጎል) ከምኡ ድማ ንሂውት ዝፈታተን መግሊ ዝተሓወሶ ረኽሲ (ምብራዝ ደም) እዮም። ሕማም ኣንቅጺ ክጅምር ከሎ ሃንደበት ኲይኑ፡ ልዑል ረስኒ ኣካላት፡ ተመላስን ሓደገኛ ቃንዛ ርእሲን ከምኡ ድማ ምቕናን ክሳድን ኣለዎ። ወቕዒ ምንፍርፋርን መልመስቲን ከጋጥም እውን ይኽእል። እዞም ምልክታት እዚኣቶም፡ ኣብ ኣዝዮም ናእሽቱ ቈልዑ ብዙሕ ኣይርኣዩን እዮም። ናይ ረኽሲ ሕማማት ምስ ሕማም ኣንቅጺ ዝመሳሰሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ናይ ረኽሲ ሕማማት ሃንደበታዊ ምብኣስ ሕማም ዝርኣየሎም እዮም። መድመይቲ ቆርበት፡ ምልክት ናይ ሓደገኛ መጥቃዕቲ ምብኣስ ናይ ሕማም እዩ። ሕማም መድመይቲ ቆርበት ናብ ረኽሲ እንተማዕቢሉ፡ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት ሰዓታት ሞት ከጋጥም ይኽእል። መጥቃዕታዊ ዝኾነ ሕማም መኒንጎኮካል ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ እቲ ወሳኒ ረቛሒ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ክንክን እተረኽብሉ ምኻድ እዩ። ቅድሚ ኣብ ሆስፒታል ክትሕከም ፍቓድ ምርካብካ'ውን ሕክምና ጸረ-ነፍሳት ክትረክብ ተመራጺ እዩ። ኣብ ግዜኡ ዝተጀመረ ሕክምና'ውን እንተኾነ ኩሉ ግዜ፡ ካብ ሞት ኮነ ወይ ካብ ነባሪን ሓደገኛን ዕንወት (ምዕናው ማእከል መትናዊ ስርዓት፡ ብሰንኪ ሓደገኛ ዕንወት ናይ ቲሹ ዝስዕብ መቑረጽቲ ኣካላት) ክከላኸል ኣይክእልን እዩ። ኣስታት 10% ናይቶም መልከፍቲ ሕማም መኒንጎኮካል ዘለዎም ሕሙማት፡ ጌና ናይ ሞት ዕጫ እዩ ዘለዎም። እዚ ምስቲ ብሰንኪ ብጉጅለ ሲ (C) ባክተሪያ ዝስዕብ ሕማማት እውን እንተተነጻጸረ ጌና ዝለዓለ እዩ ዘሎ። ስለዚ፡ ውሑስ ክታበት ምሃብ እቲ ወሳኒ ናይ መከላኸሊ ረቛሒ እዩ።

### ክታበት

እቲ ክታበት፡ ምቕልቃል ባክተሪያዊ ዋህዮኣዊ ሽፋን (ኦሊጎሳካራይድስ፡ ፖሊሳካራይድስ) ናይቶም ታህዋሲያን ዘለዎ እዩ። እዚ ከኣ፡ ካብ መልከፍቲታት ጉጅለ ባክተሪያ ሲ (C) መኒንጎኮካይ ጥራይ ዝከላኸል እዩ። እዚ ክታበት እዚ፡ ካብ ደቂ 2 ወርሒ ጀሚርካ ዘለዉ ዕሸላት ክዉሃብ ዝክኣል እዩ። ብሰንኪ'ቲ ሕማም ኣብ ሓደጋ ዝርከቡ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ዕድሜኦም ዘለዉ ዕሸላት፡ ብመንጽር ዕድመን ጠቕሚ ናይቲ ክታበትን ተራእዩ፡ 1 ወይ 2 ክታበት ክዉሃቦም ይኽእል። ልዕሊ 1 ዓመት ዝዕድሜኦም ህጻናት፡ ኣባጽሕን ጎራዙን ከምኡ ድማ ብዕድመ ዝኣኸሉ ዓበይቲ ሰባት ሓደ ግዜ ጥራይ እዮም ክኽተቡ ዘለዎም። እቲ መሰረታዊ ክታበት ኣብ 1ይ ዓመት ናይቲ ህጻን እንተደኣ ተጀሚሩ፡ ኣብ 2ይ ዓመት ናይቲ ህጻን ከም መሐየሊ ተባሂሉ ተወሳኺ ክታበት ክዉሃቦ ተመራጺ እዩ። እቲ ክታበት ኣብ ውሽጢ ጭዋዳ ብምውጋእ ክውሰድ ይኽእል። ሓኪምኩም፡ ብዛዕባ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ናይ'ቲ ክታበትን ጀሚሩ ዝውድኣሉ ገደብ ግዜን ክሕብረኩም እዩ። ብመሰረት ተታሒዙ ዘሎ መረዳእታ (ዳታ)፡ ንመሐየሊ ተባሂሉ ተወሳኺ ክታበት ምውሳድ ቅቡል ኣይኮነን (ንፍሉይ ኩነታት ኣብ ላዕሊ ተመልከቱ)

ክታበት ሕማም መኒንጎኮካል ሲ (C)፡ ብሓባር ወይ ኣብ ሓደ እዋን ካልእ ክታበት ክውሃብ ዝኽእል እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ዝተፈልየ ክፍሊ ኣካላት (ንኣብነት ኣብ የማናይን ጸጋማይን ሰለፍ፡ ላዕለዋይን ታሕታዋይን ኢድ) ክኸው ኣለዎ። ኣብ ሓደ እዋን ወይ ብሓባር ክልተ ክታበት ምሃብ ኣብ ተጻዋርነትን ብቕዓት ናይቲ ክታበትን ዘምጽኦ ኣሉታዊ ሳዕቤን የለን። ሓኪምኩም፡ ነዚ ኣገባብ ኣመልኪቱ ብዛዕባ ክህሉ ዝኽእል ፍሉይ ኩነታት ክሕበረኩም እዩ።

**ክታበት ዘድልዮ ሰብ መን እዩ?**
ብመሰረት ናይ ክታበት ካላንደር፡ ኣብ መበል 2ይ ዓመት ዕድሜኦም ንዝርከቡ ኩሎም ህጻናት፡ ክታበት ሕማም መኒንጎኮካል ሲ (C) ምስ ንጽል ዶዝ ክታበት ክወስዱ ተመራጺ እዩ። ከምኡ’ውን ብመሰረት ቆይማ ዘላ ኮሚቴ ክታበት (ኤስ.ቲ.ኣይ.ኮይ.) ኣብ ዝተመደበሉ ግዜ ዘይተዋህበ ዝኾነ ክታበት፡ እቲ ክኽተብ ዝነበሮ ሰብ ወዲ 18 ዓመት ምስ ኮነ ክውሃብ የብሉን።
ብመትከል፡ ኩሎም ልዕሊ 2 ወርሒ ዝዕድሜኦም ህጻናት፡ ኣባጽሕን ጎራዙን፡ ከምኡ ድማ ብዕድመ ዝኣኸሉ ዓበይቲ ሰባት፡ እዚ ክታበት’ዚ ዘድልዮም እንተደኣ ኮይኑ ወይ ብሓኪም ተፈቒዱሎም ምስ ዝኸውን፡ ክኽተቡ ይኽእሉ እዮም።
ብተወሳኺ፡ ኤስ.ቲ.ኣይ.ኮይ. (STIKO)፡ እዚ ክታበት እዚ ብፍላይ ነቶም ንመልከፍቲ ብዝለዓለ ዝተቓልዑ ሰባት ወይ ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ዘለዎም ሰባት ክውሃብ ይመክር። ንኣብነት፡ ውሑድ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ወይ ሽንፍላ (ላልሽ) ዘይብሎም ሰባት ወይ’ውን ዘይትሰርሕ ሽንፍላ ዘለዎም ሰባት፡ እቶም ንሓደጋ ተቓሊዖም ዝርከቡ እዮም። ብዘይካ’ዚ፡ ኣርባዕተ ክታበት ሓዊስካ ምኽታብ፡ ካብ ካልኦት ጉጅለታት  ሕማም መኒንጎኮካል (ኤይ. ሲ. ዳብሊዉ ከምኡ ድማ ዋይ) ዝከላኸል እዩ። ነቶም ሕማም መኒንጎኮካል ቢ ዘለዎም ሰባት እውን ከይተረፈ እዚ ናይ ኣርባዕተ ሕዋስ ክታበት ክዉሃቦም ኣለዎ። ኣብ ላቦራቶሪ ኣብ ሓደጋ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ድማ ኣንጻር እዞም ጉጅለታት ሕማም መኒንጎኮካል ክኽተቡ ይግባእ።
ምስቶም ዝኽተቡ ብቐረባ ዝራኸቡ እሞ ዘይተኸትቡ ሰባት፡ ኣብ ርእሲ ክታበት ቾሞፕሮፊላክሲስ (ጸረ-ነፍሳት)፡ ክኽተቡ ኣለዎም። ኣብ ጀርመን፡ ኣብ ዞባታት ወይ ኮማዊ ኣገልግሎት ዝውሃበለን ቦታታት፡ መልከፍቲ ሕማም መኒንጎኮካል ሲ (C) ብቐጻሊ ዘጋጥም ምስ ዝኸውን፡ ነቲ ሕማም ካብ ምልባዑ ንምክልኻል፡ ሰበ ስልጣን ዕጥና እታ ሃገር፡ ናይ ክታበት ኣዋጅ ክውጽኡ ይኽእሉ። ኣብ ሃገራት ንነዊሕ ግዜ ዝተቐመጡ ኣብ ትምህርቲ ዝርከቡ ህጻናትን ተመሃሮን፡ ብሓፈሻ ወይ ብፍሉይ ነቶም ኣብ’ዚ ደረጃ ዕድመ’ዚ ዝርከቡ፡ ክታበት ኣንጻር ጉጅለ ሲ (C) ክኽተቡ ኣለዎም። እዚ፡ ነቲ ብሰንኪ ዞባዊ ምልባዕ ናይቲ ሕማም፡ ንዝተወሰነ እዋን ክታበት ክካየድ ብሰበ ስልጣን ጥዕና ዝተገብረ ጠለብ ተሳንዩ፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት  እውን ክትግበር ዝክኣል እዩ። ኣርባዕተ ዓይነት ክታበት (ኤይ. ሲ. ዳብሊዉ. ዋይ) ዘጣመረ ክታበት ክውሃብ ይከኣል ወይ ነቶም ናብቲ ሕማም መኒንጎኮካል ተላቢዑሉ ዘሎ ከባቢ ዝገሹን ምስ ብዙሕ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ዝራኸቡን ሰባት ድማ ክእዘዘሎም ይኽእል። ንኣብነት፡ ነቶም ንንግደት (ሄጂራ፡ ዑምራህ) ንስዑድ ዓረብ ዝገሹ ወይ ናብቲ ሕማም ኣንቅጺ ኣለዎ ተባሂሉ ምልክት ዝተገብረሉ ቦታታት ኣፍሪቃ ዝጉዓዙ ሰባት እዚ ክታበት እዚ ክውሃብ ኣለዎ።

**ክኽተብ ዘየድልዮ ሰብ ከመይ ዝኣመሰለ እዩ?**
መድሃኒት ብዘድልዮን ብረስኒ ብዝተሰነየን ሃንደበታዊ ሕማም ዝተጠቕዑ ሰባት ክኽተቡ ኣይግባእን። እቲ ዝኸትብ ሰብ፡ ምስ ዝኾነ ትሕዝቶ ናይ’ዚ ክታበት ዝተኣሳሰር ፍሉጥ ተኣፋፊ ቍጥዐ ኣካላት ምስ ዝህልዎ እውን ክኽተብ የብሉን።
ኣብ እዋን ጥንሲ፡ ክታበት ምውሳድ ኣሉታዊ ሳዕቤን’ኳ ዘይብሉ እንተኾነ፡ ረብሓን ሳዕቤንን ክታበት ሕማም መኒንጎኮካል ሲ (C) ኣብ ነፍሰ-ጾራት ግን ብዝግባእ ክፍተሽ ኣለዎ። ሓኪምኩም፡ ብዛዕባ ዝህልወኩም ተወሰኽቲ ሕቶታት ምኽሪ ወይ መብሪሂ ክህበኩም እዩ።

**ድሕሪ ክታበት ዝርአ ኣካላው መልሰ ግብሪ**
ዝተኸትበ ሰብ ፍሉይ ክንክን ክግበረሉ ኣየድልዮን እዩ። ይኹን እምበር፡ ንሳልስቲ ካብ ዘይንቡር ኣካላዊ ሃልኪ ክዕቀብ የድልዮ እዩ። ብምኽንያት እዚ ክታበት እዚ ስርዓተ-ዑደት ደሞም ክጽሎ ወይ ቅጽበታዊ ቍጥዐ ኣካላት (ቀዳማይ ደረጃ ቍጥዐታት) ኪለዓሎም ዝኽእል ሰባት፡ ብእኡ መሰረት ቅድሚ ክታበት ንሓኪም ክሕበር ኣለዎ።

**ድሕሪ ክታበት ክኽሰቱ ዝኽእሉ ምስ ሓፈሻዊ መስርሓት ዝተሓሓዙ መልሰ-ግብሪታት**
ከም ተወሳኺ ናይቲ ክጥረ ዝድለ ዘሎ ናይ ምክልኻል ዓቕሚን ከም ውጽኢቱ ውሕስነት ካብቲ ሕማምን፡ ድሕሪ ክታበት፡ ኣብ’ቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ከባቢ ናይ ቄርበት፡ ዕንፍሩር፡ ምስ ተንከፍካዮ ዘቐንዙን ሕበጥን ክረአ (10% ካብቶም ዝተኸትቡ ወይ ልዕሊኡ) ብቐጻሊ ዘጋጥም ተርእዮ ኪውሰድ ይኽእል። እዚ መግለጺ ናይ’ቲ ኣካላት ሰብ ኣብ ልዕሊ እዚ ክታበት እዚ ዘርእዮ ንቡር መልሰ-ግብሪ ኮይኑ፡ ክታበት ድሕሪ ምውሃቡ ንሳልስቲ ጥራይ ዝጸንሕ ተርእዮ እዩ። ሳሕቲ ግን ንንውሕ ዝበለ እዋን ክጸንሕ ይኽእል። ውሑድ ግዜ እውን፡ ክታበት ኣብ ዝተወግኣሉ ክፍሊ ኣካላት ዝርአ መልሰ-ግብሪታት ክብርትዕን ኣብ እዋን ምንቅስቓስ ዕንቅፋት ክፈጥር ይርአ እዩ።
ኣብ ውሽጢ ካብ 1 ክሳብ 3 መዓልታት እውን (ሳሕቲ ካብኡ ንላዕልሊ ክጸንሕ ይኽእል)፡ ካብ 1 ክሳብ 10% ወይ ልዕሊኡ፡ ኣብ ተኸተብቲ፡ ክሳብ 38 °C ዝበጽሕ ረስኒ ኣካላት (ሳሕቲ ግዜ’ውን ክሳብ 39.5°C)፡ ምፍዛዝ፡ ድቃስ ምስኣን ወይ ምስ ከስዐን መዓንጣን ዝተሓሓዝ ጸገማት (ንኣብነት፡ ስግድግድ ምባል፡ ተምላስ፡ ተቕማጥ)፡ ምሕራቕ (ኣብ

ህጻናት)፡ ዝኣመስሉ ሓፈሻዊ ምልክታት ኪጋጥም ይኽእል። ቃንዛታት ርእሲ፡ ቅርጥማት ጭዋዳን መላግቦ ኣካላትን ወይ ድማ ዘይምቹእነትን እውን ንቡር እዩ። ከምኡ ድማ እዩ። ከም ልሙድ፡ ኣቐድም ኣቢሎም ተገሊጾም ዘለዉ ናይ ክታበት ግብረ-መልስታት ንሓጺር እዋን ጥራይ ዝጸንሑን ብዘይ ነባሪ ሳዕቤን ዝጠፍኡን እዮም።

### ድሕሪ ክታበት ጥዕናዊ ጸገማት ኪጋጥሙ ይኽእሉ ዶ?

ድሕሪ ክታበት ምክያዱ፡ ምስ ክታበት ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ወይ ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ክበሃል እንክሎ ሳሕቲ ዘጋጥሙ ተርእዮታት ኰይኖም፡ ካብ'ቶም ንቡራት ግብረ-መልስታት ክታበት ወጻኢ'ዮም። ኣብ ልዕሊ ጥዕና ናይ'ቲ ዝኽተብ ሰብ ድማ ቀሊል ዘይኰነ ጥዕናዊ ሃስያ ዝፈጥሩ'ዮም። ጥሙር ክታበት ሕማም መኒንጎኮካል ሲ (C) ድሕሪ ምውሃቡ፡ ሳሕቲ ግዜ፡ ቀጥዐ ናይ ቆርበት (ንኣብነት ፍሮማይ፡ ሳሓን ዕንፍሩርን) ወይ ሻምብቆታት ስርዓት-ምስትንፋስ ይረአ እዩ። ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ድማ፡ ሃለዋት ምጥፋእ ክስዕብ ይኽእል።

ዝበሕ ግዜ፡ ኣብ ዕሸላትን ናእሽቱ ህጻናትን፡ ረስኒ ዝፈጠሮ ምንቅጥቃጥ ኣካላት ይርአ እዩ። እዚ ግን፡ ብዘይ ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዝጠፍእ እዩ። ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚታት እውን፡ ንሓጺር እዋን ዝጸንሑ፡ ግን ከኣ ግብረ-መልሲ ዘይብሉን ምድኻም ጭዋዳን ዘለዎ ምንቅጥቃጥ ኣካላት ዝርአዩ ኰይኖም፡ እዚኣቶም ድማ፡ ብዘይ ዝኾነ ጽልዋ ቀልጢፎም ዝሃድኡ ምዃኑ ጸብጻባት ይሕብሩ።

### ንጕድናዊ ሳዕቤናት ዝምልከት ምኽሪ – ካብ ናይ ክታበት ሓኪም

ኣብ ርእሲ'ዚ ብመገዲ እዚ ወረቐት'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታ፡ ሓኪምካ'ውን ውልቃዊ ምኽሪ ክህበካ እዩ። ድሕሪ ክታበት፡ ኣካላትካ ኪንዮ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ንነዊሕ እዋን ዘይጸንሑ ሓፈሻውያን ምልክታት ዝኸደ መልሰ-ግብሪ ምስዝህብ፡ ናይ ክታበት ሓኪም ከማኽረካ እዩ።

ነዚ ናይ ክታበት ሓኪም በዚ ኣድራሻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፦

ናይ መጠንቀቕታ ቃል

እቲ መበቆላዊ ሓበሬታ ዝሓዘ ወረቐት (ቅዳሕ፡ 04/2016)፡ ብፍቓድ ትካል ጀርማን ግሪን ክሮስ - ብትእዛዝ ኢንስቲትዩት ሮበርት ኮች እተተርጐመ እዩ። እቲ ቀያዲ ክኸውን ዝኽእል ጽሑፍ፡ እቲ ብቛንቋ ጀርመን ዝተዳለወ ትሕዝቶ እዩ። ምስ'ቲ እተተርጐመ ክፋሉ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ናይ ትርጉም ጌጋ ወይ ጸገም እዋናውነት ናይ'ዚ ሰነድ (ኣብ'ቲ ናይ ቋንቋ ጀርመን ሰነድ ለውጢ ምስዝፍጸም)፡ ተሓታትነት ክስዕብ ኣይክእልን።

**ስም**______________________________________________________________________
*Name*

**መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ባክተሪያ መኒንጎኮካስ ሲ (C) - ምስ ጥሙር ክታበት**
*Schutzimpfung gegen Meningokokken C – mit Konjugatimpfstoff*

ነዛ ብዛዕባ ኣገባብ ኣወሃህባ መከላኸሊ ክታበት ባክተሪያ መኒንጎኮካስ ሲ (C) እትሕብር ስትርቲ ወረቐት ተቐበል። እዛ ወረቐት እዚኣ ሒዛቶ እትርከብ ቀንዲ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ብክታበት ክንከላኸሎ እንኽእል ዓይነት ሕማም፡ ብዛዕባ እቲ ክታበት ባዕሉ፡ ብዛዕባ መስርሕ ክታበት፡ ድሕሪ ክታበት ዝርአ ኣካላዊ መልሰ-ግብሪ፡ ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ክታበት ተኣሳሲሮም ድሕሪ ክታበት ኣብ ኣካላት ብዛዕባ ዝረኣዩ ሓፈሻውያን ምልክታትን ድሕሪ ክታበት ክስዕቡ ብዛዕባ ዝኽእሉ ሕልኽላኻት ጥዕናን መብርሂ ዝህብ እዩ።
*Anliegend erhalten Sie ein Merkblatt über die Durchführung der Schutzimpfung gegen Meningokokken C. Darin sind die wesentlichen Angaben über die durch die Impfung vermeidbaren Krankheiten, den Impfstoff, die Impfung, das Verhalten nach der Impfung sowie über Impfreaktionen und mögliche Impfkomplikationen enthalten.*

ክታበት ቅድሚ ምውሃቡ፡ እዚ ዝስዕብ ተወሳኺ ሓበሬታ ኪወሃበና ንሓትት፡-
*Vor der Durchführung der Impfung wird zusätzlich um folgende Angaben gebeten:*

1. ዝኽተብ ሰብ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ምሉእ ጥዕና ኣለዎ ዶ?
*Ist der Impfling gegenwärtig gesund?*

□ እወ *(Ja)* □ ኣይፋል *(Nein)*

2. ተሓካሚ፡ ቅድሚ ሕጂ ፍሉጥ ጸገም ቍጥዐ ኣካላት ኣለዎ ድዩ?
*Ist bei dem Impfling eine Allergie bekannt?*

□ እወ *(Ja)* □ ኣይፋል *(Nein)*

መልሲ 'እወ' እንተኾይኑ፡ ከመይ ዝኣመሰ__________________________________________
*wenn ja, welche*

3. ዝኽተብ ዘሎ ሰብ፡ ድሕሪ ናይ ዝሓለፈ እዋን ክታበት - ቍጥዐ ኣካላት፡ ልዑል ረስኒ ወይ ካልእ ዘይንቡር ሳዕቤን ተራእይዎ ነይሩ ድዩ?
*Traten bei dem Impfling nach einer früheren Impfung allergische Erscheinungen, hohes Fieber oder andere ungewöhnliche Reaktionen auf?*

□ እወ *(Ja)* □ ኣይፋል *(Nein)*

ብዛዕባ ክታበት ባክተሪያ መኒንጎኮካስ ሲ (C) ዝያዳ ሓበሬታ ክህልወካ ምስ እትደሊ፡ ብኽብረትካ ከኢላ ክታበት ንዝኾነ ሓኪም ተወከስ።
*Falls Sie noch mehr über die Schutzimpfung gegen Meningokokken C – mit Konjugatimpfstoff – wissen wollen, fragen Sie den Impfarzt!*

ብኽብረትካ ኣብ ናይ ክታበት ቈጸራኻ ኣብ እትርከበሉ እዋን ሰነድ/ካርድ ክታበትካ ምምላእ ኣይትረስዕ።
*Zum Impftermin bringen Sie bitte das Impfbuch mit!*

**ወግዓዊ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ**
*Einverständniserklärung*

መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ባክተሪያ መኒንጎኮካስ ሲ (C) ንዝወስድ ሰብ
*zur Durchführung der Schutzimpfung gegen Meningokokken C – mit Konjugatimpfstoff*

ስም ናይ ዝኽተብ ሰብ ________________________________________
*Name des Impflings*

ዲ.ኦ.ቢ________________________________________
*geb. am*

ነዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ብግቡእ ኣንቢበዮ እየ፣ ነዚ ክታበት ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ`ውን ኣብ እዋን ምምይያጥ ብሓኪመይ ተዋሂቡኒ ኣሎ።
*Ich habe den Inhalt des Merkblatts zur Kenntnis genommen und bin von meinem Arzt/meiner Ärztin im Gespräch ausführlich über die Impfung aufgeklärt worden.*

□ተወሳኺ ሕቶታት የብለይን።
*Ich habe keine weiteren Fragen.*

□ ክታበት ኣንጻር ባክተሪያ መኒንጎኮካስ ሲ (C) ኪወሃበኒ ፍቓደኛ ምዃነይ አረጋግጽ ኣለኹ።
*Ich willige in die vorgeschlagene Impfung gegen Meningokokken C ein.*

□ ክታበት ናይ ምውሳድ መደበይ ሰሪዘዮ ኣለኹ። እዚ ብምግባረይ ከጋጥመኒ ብዛዕባ ዝኽእል ወጽዓ ድማ ተሓቢረ እየ።
*Ich lehne die Impfung ab. Über mögliche Nachteile der Ablehnung dieser Impfung wurde ich informiert.*

ርእይቶታት፡- ________________________________________
*Vermerke*

ቦታን ዕለትን፡-________________________________________
*Ort, Datum*

________________________________
ናይ ዝኽተብ ሰብ ወይ
ናይ ሕጋዊ ኣላዪ ክታም
*Unterschrift des Impflings bzw. des Sorgeberechtigten*

________________________________
ናይ ዶክተር ክታም
*Unterschrift des Arztes/der Ärztin*